## መክብብ 3
1 ንኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኹሉ ነገር ከአ ገጊዚኡ ኣለዎ።
2 ንምውላድ ጊዜ ኣለዎ፡ ንሙማት ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንምትካል ጊዜ ኣለዎ። ነቲ እተተኽለ ምምቃስ ድማ ግዘ ኣለዎ።
3 ንምቕታል ጊዜ ኣለዎ፡ ንምሕዋይ ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንምፍራስ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምህናጽ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
4 ንብኽያት ጊዜ ኣለዎ፡ ንሰሓቕ ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንሓዘን ጊዜ ኣለዎ፡ ንጓይላ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
5 ንምድርባይ ኣእማን ጊዜ ኣለዎ፡ ንምእካብ ኣእማን ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንምሕቋፍ ጊዜ ኣለዎ፡ ካብ ምሕቋፍ ምፍልላይ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
6 ንምድላይ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምጥፋእ ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንምእርናብ ጊዜ ኣለዎ። ንምድርባይ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
7 ንምቕዳድ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምስፋይ ከአ ጊዜ ኣለዎ። ስቕ ምባል ጊዜ ኣለዎ፡ ንምዝራብ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
8 ንምፍቃር ጊዜ ኣለዎ፡ ንምጽላእ ከአ ጊዜ ኣለዎ። ንውግእ ጊዜ ኣለዎ፡ ንሰላም ድማ ጊዜ ኣለዎ።
9 እቲ ዓያዩ ሰብሲ ረብሓ ጻዕሩ እንታይ እዩ፡
10 ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኺጽዕሩ ዝሀቦም ዕዮ ርኤኹ።
11 ንኹሉ በቢጊዜኡ ጽቡቕ ገበሮ። ሰብ ነቲ ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ኽሳዕ መወዳእታ ዝገበሮ ግብሪ ምስትውዓሉ እኳ ስኢኑ ኽነሱስ፡ ኣምላኽ ንዘለኣለምነት ኣብ ልቢ ሰብ ኣንበሮ።

## ሮሜ 8
1 እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።
2 እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣት ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፡
3 ንሕጊ፡ ብስጋ ስለ ዝደኸመ፡ ኪገብሮ ዘይኰነሉስ፡ ኣምላኽ ንወዱ ብምስሊ ሓጢኣተኛ ስጋን ከም መስዋእቲ ሓጢኣትን ልኢኹ፡ ነቲ ሓጢኣት ብስጋ ኰነኖ።
4 ኣባና ብመንፈስ እምበር፡ ብስጋ ኣብ ዘይንመላለስ፡ እቲ ድሌት ሕጊ ኽምኡ ኰይኑ ኺምላእ እዩ።

## ማቴዎስ 10
24 ተመሃሪ ኻብ መምህሩ፡ ጊልያውን ካብ ጐይታኡ ኣይበልጽን።
25 ተመሃሪ ኸም መምህሩ፡ ጊልያውን ከም ጐይታኡ እንተ ኾነ፡ ይኣኽሎ። ንብዓል ቤት ብኤል-ዜቡል ካብ በልዎ፡ ንስድራ ቤቱ ግዳ ኽንደይ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይብልዎ።
26 እምበኣርስኸ፡ ዘይቕላዕ ክዱን፡ ዘይፍለጥ ድማ ስዉር የልቦን እሞ፡ ኣይትፍርህዎም።
27 ኣብ ጸልማት ዝነገርኩኹም ብብርሃን ተዛረብዎ፡ ኣብ እዝንኹም ዝሰማዕኩምዎ ኸኣ ኣብ ናሕሲ ኣ፝ንኩም ስበኽዎ።
28 ነቲ ነፍስን ስጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍእ ዚከአሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንስጋ ዚቐትሉ፡ ንነፍሲ ግና ምቕታላ ዘይከኣሎም ኣይትፍርህዎም።
29 ክልተ ዑፍዶ ብኣሳርዮን ይሸየጣ ኣይኰናን፧ ሓንቲ ኻባታተን ብዘይ ፍቓድ ኣቦኹም ኣብ ምድሪ ኣይትወድቕን።
30 ጸጉሪ ርእስኹም ኵለን እኳ ቝጹራት እየን።
31 እምበኣርሲ ንስኻትኩም ካብ ብዙሓት ኣዕዋፍ ትበልጹ ኢኹም እሞ፡ ኣይትፍርሁ።